# መመስረቲ ሕጊ
# ማሕበር ድሕነት ትራፊክ
# ጽርግያ ኤርትራ
# (ማድትጽኤ)

# Memorandum of the Association
# of the
# Eritrean Road Traffic Safety
# Association (ERTSA)

# መቕድም

ማሕበር ድሕነት ትራፊክ ጽርግያ (ማድትጽኤ)፣ ኣብ ኤርትራ ድሕነት ትራፊክ ጽርግያ ህዝባዊ ሰረት ከምዝሕዝ ምግባሩ እዋኑ ዝጠልቦ ሓላፍነት ከምዝኾነን ብምግንዛብ፣ ብዝሒ ሓደጋታት ትራፊክ ጽርግያን ሳዕቤናቶምን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ክውስኽ ስለዝጸንሐን፣ ኣብ ዓውድታት ጎስጓስን ኣስተምህሮን፣ ሓበሬታ፣ ዕዙዝ ኣበርክቶ ምግባር፡ ንሓደጋታት ትራፊክ ጽርግያ ኣብ ምንካይን ንቕሓት ተጠቀምቲ ጽርግያ ክብ ኣብ ምባልን ዘለዎ ተራ ብምእማን፣ ምውህሃድ ዝምልከተን መንግስታውያን ኣካላትን ትካላት፣ ሃገራውያን ዘይመንግስታውያን ማሕበራትን፣ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝርከባ ኣህጉራውያን (ዞባውያን) ትካላትን ናይ ድሕነት ውድባትን ኣድላዪ ምዃኑ ብምግንዛብን ኣብ ድሕነት ሂወትን ንብረትን ኣወንታዊ ተራ ከም ዘለዎ ብምእማኑ፣ እንሆ እዚ ማሕበር እዚ ቆይሙ ኣሎ።

## ዓንቀጽ 1. ኣመሰራርታ ማሕበር

1.1 ማሕበር ወለንታዊ ኮይኑ ብመሰረት መሰጋገሪ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ ዓንቀጻት 404-482 ዝህቦ መሰልን ግቡእን መሰረት ኣብ ናይ ድሕነት ትራፊክ ጽርግያ ስትራተጂ ምርኩስ ብምግባር ኣብ ተጠቀምቲ ጽርግያ ትራፊካዊ ንቕሓትን፤ ኣፍልጦን፤ ስኒትን ንኽሰርጽ ጉስንሳዊ ንጥፍታት ዘካይድ ንመኽሰብ ዘይቆመ ማሕበር እዩ።

1.2 ማሕበር: "ማሕበር ድሕነት ትራፊክ ጽርግያ ኤርትራ" ወይ ብኣሕጽሮተ-ቃል ማ.ድ.ት.ጽ.ኤ ተባሂሉ ይስመ ።

1.3 ኣድራሻ ዋና ቤት ጽሕፈት ኣብ ከተማ ኣስመራ ኮይኑ ከም ኣድላይነቱ ኣብ ካልኦት ከተማታት ጨናፍር ክኽፍት ይኽእል።

## ዓንቀጽ 2. ዕላማታት

2.1 ዕላማ ማሕበር ድሕነት ትራፊክ ጽርግያ ኤርትራ

ሀ. ድሕነት ትራፊክ ጽርግያ ህዝባዊ ሰረት ከምዝሕዝ ምግባር፣፣

ለ. ሓደጋታት ትራፊክ ጽርግያ ንምንካይ ኣብ ዓውድታት ጎስጓስ ኣስተምህሮ፣ ሓበሬታ፣ ዕዙዝ ኣበርክቶ ምግባር።

ሐ. ብሃገር ደረጃ መጠነ ንኡስ ፕሮጀክትታት ብምድላው ድሕነት ትራፊክ ጽርግያ ምምዕባል።

2.2 ዕላማታት ምርኩስ ብምግባር ማ.ድ.ት.ጽ.ኤ እዚ ዝስዕብ ዕማማት ኣለዎ: -

ሀ. ህዝቢ ድሕነት ትራፊክ ጽርግያ ጉዳዩ ምዃኑ ተገንዚቡ ከኽብሮን ክሕልዎን፣ ብዝልዓለ ደረጃ ከኣ ከምዝዋሳእ ምግባርን ህዝባዊ ሰረት ምትሓዙን።

ለ. ብህዝብን ተጠቀምቲ ጽርግያን ዝብገሱ ናይ ድሕነት ኮማዊ ተበግሶታት ምትብባዕ፣፣

ሐ. ብሃገር ደረጃ ሳዕቤን ትራፊካዊ ሓደጋታት ዝምልከት ሰፊሕ ኣፍልጦ ከም ዝህሉ ምግባር።

መ. ንትራፊካዊ ድሕነት ዘውሕስ ንናይ ሓባር ስጉምትታት ዘወሃህድ ሰሚናራት፣ ጉባኤ ዓውደ መጽናዕቲ፣ ምርኢት (ኤግዚብሽን) ፣ ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ወዘተ፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ጽፍሕታት ክሊ ዕድመን ንዘለው ተጠቀምቲ ጽርጊያ ምውዳብ።

ሰ. ኣብ ድሕነት ትራፊክ ጽርግያ ዝዋስኡ ጉዱሳት ብፍላይ ከኣ መንእሰያት ምስልጣን።

ረ. ናይ ድሕነት ብሮሸራት፤ጽሑፋት፤ፖስተራት ወዘተ ምድላው።

ሸ. መጽናዕቲ ምክያድን ተዛመድቲ ሰነዳትን ጽሑፋትን ምእካብ።

ቀ. ትምህርቲ ድሕነት ትራፊክ ጽርግያ ኣብ ካሪክለም ንምትእትታዉ ምጽዓር።

በ. ካብ ዝምልከቶም ሃገራውያንን ኣህጉራውያንን ኣብ ድሕነት ዝዋስኡ ትካላት ንዋታዊ፣ ሞራላዊ፣ ናይ ስልጠና ደገፍ ንምርካብ ምጽዓር።

ተ. ምኽርን ሓገዝን ምስ ዝምልከተን ኣካላትን፣ ትካላት መንግስትን፣ ሃገራውያን ዘይመንግስታውያን ማሕበራትን፣ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝርከባ ኣህጉራውያን ትካላትን ብምውህሃድ ንስለ ድሕነት ምስራሕ።

ቸ. ኣባላት ድሕነት ትራፊክ ጽርግያ ኣፍሪቃ ንምኳን ምስራሕ።

ነ. ምስ ዝምልከቶም ኣህጉራውያንን ዞባውያንን ናይ ድሕነት ውድባት ምውሳእ።

## ዓንቀጽ 3. ኣባልነት

ዝኾነ ኣብ ምውሓስ ድሕነት ትራፊክ ጽርግያ ዝግደስ ውልቀ ሰብ። ማሕበር ይኹን ትካል ብወለንታኡ ኣብዞም ዝስዕቡ ናይ ኣባልነት ደረጃታት ኣባል ማሕበር ይኸውን።

3.1. ቀዋሚ ኣባል ክመርጽን ክምረጽን ይኽእል።

3.2. ተሓባባሪ ኣባል ክመርጽ እምበር ክምረጽ ኣይክእልን።

3.3. ናይ ክብሪ ኣባል ክመርጽን ክምረጽን ኣይክእልን።

## ዓንቀጽ 4. ረቛሒታት ኣባልነት

ኣባልነት ኣብ ማ.ድ.ት.ጽ.ኤ ኣብዞም ዝስዕቡ ረቛሒታት ይምርኮስ።

4.1. ዕላማታትን ሕግታትን ማሕበር ተቐቢሉ ብተወፋይነት ክገልግል ድልው ዝኾነ።

4.2. ስሩዕ ክፍሊት ማሕበር ክኸፍል ፍቓደኛ ዝኾነ።

4.3. ዝኾነ ቀዋሚ ወይ ተሓባባሪ ኣባል ክኸውን ዝሓትት፣ ሕቱኡ ብጽሑፍ ናብ ዋና ጸሓፊ የቕርብን ቅጥዒ ኣባልነት የማልእን። ናይ ኣባልነት ሕቶኡ ምስ ዝንጸግ ጉዳዩ ኣብ ሓፈሻዊ ጉባኤ ይቐርብ።ንናይ ክብሪ ኣባልነት ዝምልከት ግን ብውሳነ ፈጻሚ ኣካል ዝወሃብ እዩ።

## ዓንቀጽ 5. ምስንባት

5.1 ወለንታዊ ስንብታ ኣባልነት ኣብ መወዳእታ ዓመት ኣብ ግብሪ ይውዕል። ጽሑፍ

ወለንታዊ ስንብታ ናብ ፈጻሚ ኮሚተ ዝቐርብ ቅድሚ 6ይ ወርሒ ናይ`ቲ ዓመት ይኸውን።

5.2 ዘይወለንታዊ ስንብታ ካብ ኣባልነት ብውሳነ ፈጻሚ ኮሚተ ዝፍጸም ኮይኑ ኣብዞም ዝስዕቡ ረቛሒታት ይምርኮስ፣

ሀ. ንዕላማታት ማ.ድ.ት.ጽ.ኤ ዝጻረር ወይ ዘዕኑ ተግባር ዝፍጽም።

ለ. ብሕግታትን ሰርዓትን ማሕበር ዘይቅየድ።

ሐ. ውንዙፍ ክፍሊት ኣብቲ ዝተዋህበ ደረት ጊዜ ዘይከፍል።

5.3 ብዘይወለንታ ዝተሰናበተ ኣባል ናብ ሓፈሻዊ ጉባኤ ይግባይ ክብል ይኽእል። ብሓፈሻዊ ጉባኤ ዝተወሰነ ከኣ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ይኸውን።

## ዓንቀጽ 6. ምንጪ ኣታውን ክፍሊታትን

6.1 ማ.ድ.ት.ጽ.ኤ ካብ ናይ ኣባላቱ ስሩዕ ክፍሊትን፣ ወፈያን፣ ካልእ ሓገዛትን ህያባትን ይመሓደር።

## ዓንቀጽ 7. ቅርጺ ማሕበር ማ.ድ.ት.ጽ.ኤ

ቅርጺ ማ.ድ.ት.ጽ.ኤ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል

1. ሓፈሻዊ ጉባኤ
2. ፈጻሚ ኣካል
   - ኣቦ-መንበር
   - ዋና ጸሓፊ
   - ሓላፊ ሕሳብ
   - ስለስተ ቆወምቲ ኣባላት
3. ተቖጻጻርቲ
4. ናይ ዞባ ጨናፍር.

## ዓንቀጽ 8. ሓፈሻዊ ጉባኤ

8.1 ሓፍሻዊ ጉባኤ ዝለዓለ ስልጣን ናይ ማሕበር ይህልዎ።

8.2 ሓፈሻዊ ጉባኤ ንኹሎም ንጡፋት ኣባላት ማሕበር ዝሓቑፈ ኮይኑ ናይ ምድማጽ መሰል ዘለዎም ቀወምቲ ኣባልት ድማ ማዕረ ድምጺ ይህልዎም፣፣

8.3 ኣብ 3 ዓመት ዝግበር ሓፈሻዊ ጉባኤ ምርጫ ፍጻሚ ኣካልን ተቖጽጸርትን የካይድ፣፣

8.4 ኣቦ-መንበር ማ.ድ.ት.ጽ.ኤ ንሓፈሻዊ ጉባኤ ይመርሕ። ኣቦ-መንበር ምስ ዘይህሉ ዋና ጸሓፊ ንዑኡ ተኪኡ ጉባኤ ይመርሕ።

8.5 ዋና ጸሓፊ ብመሰረት ኣቐዲሙ ብፈጻሚ ኮሚተን ኣቦ-መንበርን ዝተበጽሐ ውሳኔ ክልተ ወርሒ ቅድሚ ዕለተ ጉባኤ፣ ዛዕባ ጉባኤን ዕለተ ጉባኤን ብምንጻር ንኹሎም ተሳተፍቲ ጉባኤ ይሕብር።

8.6 ኣብ ዛዕባታት ናይ ጉባኤ ዘይተጠቕሱ ግን ከም እማመ ኣብ ጉባኤ ክዝረበሎም ዝድለዩ ጉዳያት ቅድሚ ኣርባዕተ ሰሙን ዕለተ ጉባኤ ናብ ዋና ቤት ጽሕፈት ብጽሑፍ ክቐርቡ ይከኣል።

8.7 ንረብሓ ማሕበር ዘገድስ ህጹጽ ጉዳይ ምስዝህሉን፣ ኣቦ-መንበር ወይ 20% ናይ ኣባላት ብጽሑፉ ምስዝጠልቡን ድሕሪ ሓደ ወርሒ ህጹጽ ወይ ፍሉይ ሓፈሻዊ ጉባኤ ክግበር ይከኣል።

8.8 ሓፈሻዊ ጉባኤ ንምንቅስቓሳትን ንጥፈታትን ናይ ማሕበር ብዕምቆት ብምክታዕ ውሳኔ የመሓላልፍን ንኣተገባብራ ውሳኔታት ጉባኤ ዝምልከቱ ኣገባባት የውጽእን። ሓፈሻዊ ጉባኤ እዞም ዝስዕቡ ዕማማት የካይድን ውሳኔ ይህብን ፣

ሀ. ምስማዕን ምጽዳቕን ሓፈሻዊ ጸብጻብ ማሕበር

ለ. ምስማዕን ምጽዳቕን ጸብጻብ ተቖጻጸርቲ

ሐ. ምምሕያሽ ሕግታት ማሕበር

መ. ምውሳን ክፍሊት ኣባልነት ውልቀ ኣባላት

ሰ. ምጽዳቕ ስትራተጂካዊ ውጥን ማሕበር

ረ. ምጽዳቕ ባጀት ማሕበር

ሸ. ምካያድ ምርጫ ፈጻሚትን ኣቦ-መንበርን

ቀ. ኣርማ ናይ ማሕበር ምውሳን

8.9 ሓፈሻዊ ጉባኤ ፈጻሚ ኮሚቴ ብዝውስኖ ዕለት ክልተ ሲሶ (2/3) ካብ ኣባላቱ ኣብ ዝተረኽቡሉ ይካየድ። ኮይኑ ግን ምልኣተ ጉባኤ ምስ ዘይርከብ ኣብ 2ይ መጸዋዕታ፣ ብዝተረከቡ ኣባላት ጉባኤ ይካየድ።

8.10 ውሳነታት ጉባኤ ብመትከል ዝበዝሐ ድምጺ (50%+1) ኣባላት ይውሰን።

8.11 ሕግታት ማሕበር ንምቕያር 2/3 ካብ ኣባላት ማሕበር ክሓቱ ይግባእ። ከምኡ'ውን ውሳኔ ንምትሕልላፍ 2/3 ካብ'ቶም ዝተረኽቡ ኣባላት ማሕበር ክጽድቕዎ ይግባእ።

8.12 ኣገደስቲ ውሳኔታት ማሕበር፣ ብመልክዕ ሓበሬታ ናብ ኩሎም ኣባላት ማሕበር ይመሓላለፍ።

## ዓንቀጽ 9. ፈጻሚ ኮሚቴ

9.1 ፈጻሚ ኮሚቴ ንኣቦ-መንበር፣ዋና ጸሓፊ፣ሓላፊ ሕሳብን ካልኦት ሰለስተ ኣባላትን የጠቓልል።

9.2 መሰረታዊ ዕማማት ፈጻሚ ኣካል፣

- ውሳነታት ሓፈሻዊ ጉባኤ የተግብር
- ዋና ጸሓፊ ይመርጽ
- ንብረት ማሕበር የማሓድር
- ዓመታዊ ጸብጻብ የዳሉ
- እማመ ዓመታዊ ባጀትን ካልእ ስርሓትን የካይድ
- ውሽጣዊ መተሓዳደሪ ሕጊ ብምውጻእ የማሓድር
- ጨናፍር ቤት ጽሕፈት ዞባታት ንክኽፈት ውሳኔ ይህብ
- ዓመታዊ ሓፈሻዊ ኣኼባ ኣባላት ይዕድም
- ጽፈት ንጥፈታት ንምዕዛዝ ክኢላታት የዋስእ
- ናይ ኣባልነት ሕቶ ይውስንን ይህብን፣ ሕቶ ኣባልነት ምስ ዝንጸግ ሓታቲ ካብ ዘመልከተሉ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ይሕበር
- ምውሳን ክፍሊት ኣባልነት ትካላት
- ኣርማ ማሕበር ናብ ሓፈሻዊ ጉባኤ የቕርብ

9.3 ኩሎም ኣባላት ፈጻሚ ኣካል ማዕረ ድምጺ ይህልዎም። ድምጺ ማዕረ ምስዝከፋፈል ኣቦ-መንበር ዝወገኖ ሸነኽ ይዕወት።

9.4 ፈጻሚ ኣካል ኣብ ዓመት 4 ግዜ ኣኼባ የካይድ። ኮይኑ ግን ከም ኣድላይነቱ ካብዚ ንላዕሊ ክውስኽ ይኽእል።

## ዓንቀጽ 10. ኣቦ-መንበር

10.1 ኣቦ-መንበር ማሕበር ብሓፈሻዊ ጉባኤ ይምረጽ።

10.2 ኣቦ-መንበር ናይ ማሕበር ሕጋዊ ወኪል እዩ።

10.3 ኣቦ-መንበር ናይ ፈጻሚ ኮሚቴ ኣኼባታት ይዕድምን ይመርሕን።

10.4 ኣቦ-መንበር ኣብ ዘይህልወሉ ጊዜ ዋና ጸሓፊ ንኣቦ-መንበር ይውክል።

## ዓንቀጽ11. ዋና ጸሓፊ

11.1 ዋና ጸሓፊ ኣቦ-መንበር ኣብ ዘይህልወሉ ግዜ ንሓፈሻዊ ጉባኤ ይመርሕ።

11.2 ዋና ጸሓፊ ኣቦ-መንበር ኣብ ዘይህልወሉ ንኣቦ-መንበር ተኪኡ ስርሓት ኣቦ-መንበር የካይድ።

11.3 ዋና ጸሓፊ ተጸዋዕነቱ ንኣቦ-መንበር ይኸውን።

11.4 ዋና ጸሓፊ ንጥፈታት ቤት ጽሕፈት ይመርሕ።

## ዓንቀጽ 12. ሓላፊ ሕሳብ

12.1 ሓላፊ ሕሳብ ብፈጻሚ ኮሚቴ ይምረጽ።

12.2 ሓላፊ ሕሳብ ናይ ማሕበር ሕሳባት የካይድን ይቆጻጸርን።

12.3 ሓላፊ ሕሳብ ተጸዋዕነቱ ንኣቦ-መንበር ይኸውን።

## ዓንቀጽ 13. ተቖጻጸርቲ ወይ ተጸባጸብቲ

13.1 ተቖጻጸርቲ ማሕበር ብ 3 ኣባላት ዝቖመ ኮይኑ ብሓፈሻዊ ጉባኤ ይምረጹ።

13.2 ተቖጻጸርቲ ኣቦ መንበር ተቖጻጸርቲ ይመርጹ።

13.3 ተቖጻጸርቲ ንሓፈሻዊ ጉባኤ፣ ኦዲትዊ ጸብጻብ የቕርቡ።

13.4 ተቖጻጸርቲ ከም ኣድላይነቱ ኣብ ዝጽዋዕ ህጹጽ ጉባኤ ጸብጻብ የቕርቡ።

## ዓንቀጽ 14. ምፍራስ ማሕበር

14.1 ምልኣተ ሓፈሻዊ ጉባኤ ካብ 2/3 ኣባላት ንላዕሊ ምስ ዝርከቡ ከምኡ'ውን ካብቶም ዝተኣከቡ ካብ 2/3 ኣባላት ንላዕሊ ንምፍራስ ማሕበር ምስ ዘድምጹ ከም ውሳነ ማሕበር ይጸድቕ።

14.2 ንኣገባብን ኣሰራርዓን ንብረት ኣብ ጊዜ ምፍራስ ማሕበር ዝምልከት መሰጋገሪ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ ተፈጻምነት ይህልዎ።

## ዓንቀጽ 15. ኣብ ግብሪ ዝውዕለሉ ጊዜ

15.1 ሕጊ ማሕበር ብዕለት 27/06/2008 ኣብ ዝተኻየደ ሓፈሻዊ ጉባኤ ጸዲቑ።

15.2 ብዝኾነ ምኽንያት ኣብ ቅዋም ማሕበር ዘይተጠቕሱ ሓረጋት ምስ ዘጋጥሙ ወይ ቅዋም ማሕበር ምስ ሕጊ ዝጋጮ ነገራት ምስ ዘጋጥሞ መሰጋገሪ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ ተፈጻምነት ይህልዎ።

15.3 ብተባዕታይ ጾታ ተጠቒሱ ዘሎ ቃል ንኣንስታይ ጾታ`ውን ይምልከት።

Annex.1

# ቅርጺ ማሕበር ድሕነት ትራፊክ ጽርግያ ኤርትራ(ማድትጽኤ)

